ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዉቅሮ ኣብ 2016 በጀት ዓመት ካብ ባንኪ ዓለም UIDP ሐገዝ ዝተረከበ በጀት ዝተፈላለየ ኣቀሑት ቢሮ : ሞተር ሳይክል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሕዳር 11, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 26, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 26, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 ተጫረቲ ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ 2016 ዓም ዘለኩም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ቅዳሕ ክተትሕዙ እትክእሉ

2 ተጫረቲ መለለይ ከፈልቲ ግብሪ ዘለኩም ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገበቲ ምካንኩም መረዳእታ ቅዳሕ ክተትሕዙ እትክእሉ

3 ተጫረቲ ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ኮይኖም ናይ ወርሒ ነሐሰ 2015 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ዘቅርቡ ወይ ብፊደራል ኤጀንሲ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዘዳለዎም መርባብ ሐበሬታ ዝተመዝገብሉ መረዳአታ ዘቅርቡ

4 ኣብ ሰነድ ጨረታ ናይ ተጫረቲ ንፁር ዝኮነ ሽም ፊርማ ኣድራሻ ሕጋዊ ማህተም ኣብ ነብስ ወከፍ ገፅ ሰነድ ጨረታ ክግበረ አለዎ

5 ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ካብዚ ሰነድ ጨረታ ወፃኢ አብ ካሊእ ሰነድ መሊእካ ምቅራባ ተቀባለነት የብሉን

6 ብተወሳኪ ድማ ተወዳደርቲ ኣብ ነብሰወከፍ ኣቀሓ ናይ ተወሳኪ እሴት ታስክ ዋጋ ሓዊሱ ብጥንቃቀ ትክክለኛ መቅረቢ ነፃላ ዋጋ ከቀምጥ አለዎም

7 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ በቢዝምልከቶም ዘፈር ናይ ጨረታ ዉሕስና መከበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ብባንኪ ዝተረጋገፀ መትሓዚ ክፈሊት ቼክ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንኪ ወይ እዉን ብሰፒኦ ብባንክ ዝተረጋገፀ ሌተር ኦፍ ክሬዲትክትሕዙ ይግባእ

8 ንሞተር ሳይክል 15000 ቅርሺ ንኣቅሑት : ንኣቅሑት ቢሮ 15000 ቅርሺ ከትሕዙ ዝክእሉ

9 ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዉቅሮ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ክፈሊ ቁፅሪ 4 ዘይምለስ 300 ቅርሺ ጥራሕ እናከፈልኩም እቲ ጨረታ ሰነድ ካብ 11/3/2016 ዓም ክሳብ 26/3/2016 ዓም ሰዓት 300 ቅድሚ ቀትሪ ክትወስዱ ትክእሉ

9 እቲ ጨረታ 26/3/2016 ዓም ሰዓት 3:00 ቅደሚ ረፋድተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት 3:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት ተዘይሃለዉ እዉን ኣብ ዉሽጢ ጨረታ ሳንዱቅ ዝተረከበ ፖስታ ብስርዓት ይክፈት

10 ዝቀርበዎ ዓይነት ንብረት ዝርዝር መግለፂ/ ስፔስፊኬሽን/ ምስ ሰነድጨረታ ተታሒዙ ይርከብ

11 ተጫራቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰርሉ ጀሚሩ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝተገለፀ ግዜ ማዕልቲታት መሰረት ብናይ ባዕሎም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መጎዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዉቅሮ ከረክቡ ዝክእሉ

12 ሰዓራይ ዝፍለ ብነፀላ ኣቅሕ ምካን ክፍለጥ አለዎ

13 ሰዓራይ ዘቅርቦ ንብረት ብኦርጅናል /ዋና /ምካኑ ክፍለጥ አለዎ

14 ተወዳደርቲ ንዝመለእዋ ሰነድ ጨረታ ዋና ንበይኑ ቅዳሕ ድማ ንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ብዝተኣሸገ ፖስታ ኢንቨሎፕ ብምምፃእነዚ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታዉ ይከኣል

16 ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረከቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0922883981

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle